## ስለምንታይ ኣባላት ሓዱሽ ፓርቲ ንኸውን?

ኣብቲ ተ.ሓ.ኤ.-ሰ/ባ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤኡ ዘካየደሉ ግዜ ዘቕረብናዮ ጸብጻብ ውድብና ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ነብሱ ኣልጊሱ ምስ ድሉዋት ዝኾኑ ካልኦት ኣካላትን ውልቀሰባትን ውድባትን ፓርቲታትን ኮይኑ ሓዱሽ ፓርቲ ክቕውም ከምዝወሰነ ገሊጽና ነይርና። ብቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን እውን ምኽንያታት ናይ ፓርቲ ምቛምን እቲ ፓርቲ ክሕዞ ዘለዎ ሓፈሻዊ ዕላማታትን ተገሊጹ ነይሩ። እቲ ሓበሬታ *ንምሕዳስ ኣብዚ ጠውቑ*።

እቲ መሰረት ናይቲ ሓሳብ ምስ ኩሎም ክሕወሱ ዝደልዩ ውልቀሰባትን ጉጅለታትን ውድባትን ፓርቲታትን ኮንካ ካብ ምምስራቱ ጀሚርካ ክሳዕ መደባቱን ዕማማቱን ምሕንጻጽን ምምርሑን ናይ ኩሉ ተሳታፊ ግደ ኮይኑ ንብዙሓት ሕጂ ዘይተሰርዑ ኣካላትን ስሩዓትን ጠርኒፉ ንህግደፍ ንምጥምጣም ዓቕሚ ዝወነነ ሓያል ፓርቲ ምቛም እዩ። ምስ ካላኦት ውድባትን ፓርቲታትን ምትሕባባር ውሁብ እዩ። ሓያልነቱ ኸኣ ኣብ ዴሞክራስያዊ መትከላት ብመትከልን ተግባርን ዝጸንዐ ናይ ስልጣን ምቕያር ጥራሕ ዘይኮነስ ህዝብና ብሓይሊ ድምጺ ዘዓርዮን ዝቕይሮን ህንጻ መንግስትን ኣብ ዝደለዮ እዋን ብሕጊ ንዘይደለዮ መራሒ ዘልግሰሉን ንዝደለዮ ዝመርጸሉን ስርዓት ምቛም ዝዓለመ እዩ። ብሓጺሩ ብሓፋሽ ዝቖውም ናይ ሓፋሽ ህዝብና ባህጊ ዝውክልን ሓያል ፓርቲ ምቛም እዩ። እዚ ንምግባር ኸኣ ብኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ዝቖመት ንካልኦት ውድባትን ፓርቲታን እተላዘብ ኮሚቴ ክትቀውም እንከላ በብዞቡኡን ዞኑኡን ከኣ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶን ላዕለዎት ካድራትን ዝኣባላተን ናይ ልዝብን ጎስጓስን ኮሚቴታት ኣብ ምቛም ይርከባ። ነቲ ኣዋጅ ኣብ ተግባር ንምቕያሩ ድሮ ስራሓዊ መደብ ኣብ ምጅማር ይርከብ።

### *እምበኣር ናብቲ መበገሲ ኣርእስትና ስለምንታይ ኣባላት ናይቲ ዝቖውም ፓርቲ ንኸውን ዝብል ሕቶ ንመለስ።*

መልሲ ናይ'ዚ ኣርእስቲ ነዊሕን ሰፊሕን ክኸውን ይኽእል እዩ። ግን ኣሕጽር ኣቢልና ብሓፍሻኡ ክንምልስ ክንፍትን ኢና።

1. እቲ ናይ መጀመርያ እነትትኩሮሎም እቶም ኣብ ውድባትን ፓርቲታትን ዘይተሰርዑን ዘይተወደቡን ዘለዉ እዮም። መብዝሕትኦም ሓልዮት ናይ ሃገር ዘለዎምን በቲ ህዝብና ዘሕልፎ ዘለዮ ደልሃመት ናብራን ሃገርና እናሓደረት ተንቆልቁሎ ዘላ ኩነታትን ኣጸቢቖም ዝሻቐሉ እዮም። ግን'ከ ዓቕሞምን ኣበርክቶኦምን ናብ ናይ ህዝቢ ናይ ምልልዓልን ኣብ ተግባራዊ ተሳትፎ ስለዘየውዓልዎ ከምቲ ዝግብኦም ከፍርዩን ክኣልዩን ከመርሑን ኣይከኣሉን። ከይተወደብካን ከይተሰራዕካን ኸአ ዝኾነ ዓቕምታት ይሃሉ ኣድማዒ ከምዘይከውን ዝስሕትዎ ኣይመስለናን። እምበኣር ዝሓለፈ ታሪኽ ንተረኽቲ ገዲፍና ከምተደላይነቱ ከም መምሃሪ ተጠቒምና ንመጻኢ ንሃገር ዝጠቅምን መደብ ሒዝና ብሓባር ንመርስ ዝብል ሓዱሽ ፓርቲ ካብ መጸ ዘይሳተፍሉ ምኽንያት ኣይረኣየናን።

2. ቅድሚ ሕጂ ውድባት ዝነበረ ሕንጻጻትን መደባትን ሒዘን (እንተላይ ሰውራዊ ባይቶ) እየን ዝቐርባኹም ነይረን። ሕጂ ግን ኣብ ምምስራቱ፣ዕላማታቱ ኣብ ምትላምን፣ምምርሑን ብሓንሳእ ንሰርሖ ጉዳይ ስለዝኾነ ዋናታቱ ኢኹም። ስለዝኾነ እቲ መሰረታዊ ሕቶ ህዝብናን ሃገርናን ካብዚ ዘላቶ ኣላቒቕካ ናብ ዝሓሸት መንእሰያታ ዘይፍንፍንዋ ሃገር ናይ ምቕያራ ድሌት ጥራሕ እዩ። እዚ ወነ እዚ ኣለኩም ብሃልቲ ኢና። ስለዝኾነ ኽኣ ተሳትፍነትኩም ንጽበ።

3. ወትሩ እትሕተት ሕቶ እዚ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ናብ መንእስያት ምስግጋር እዩ። መንእሰያት ብዛዕባ ኣብ ሕሉፍ ጽልእን ፍልልይን ዘተኮረ ፖለቲካ ስግድግድ ከምዝበለኩም ብንጹር ዝገለጽኩሞ ጉዳይ እዩ። እዚ ፓርቲ እዚ ንመጻኢ ዝጠመተ ፓርቲ ካብ ምምስራቱ ጀሚርኩም ሕንጻጻቱ ኣብ ምውጽኡን ምምርሑን ክትሳተፉን ዋንነት ክትወስዱን ስለዝኾንኩም ንሕቶኹም ብተግባር ዝምልሽ ስለዝኾነ ካብ ተኸዊልካ ምስትንታን ናብ ስራሕ ዘእቱ ማዕጾ ብምኻኑ ክትኣትውዎ ግድን እዩ ኢልና ንኣምን።

4. ደቀ ኣንስትዮ እተን በዚ ስርዓት'ዝ ዝጠልማን ኣዝየን ዝተግፍዓን ክነሰን እቲ ዝጸንሐ ፖለቲካዊ መድረኽ ንዓኣተን ብግቡእ ዘየሳተፈን ዘየማእከለን ስለዝነበረ ኣብዚ ፓርቲ'ዝ ካብ ጋንኡ ቴምብረን ከንብራን ንመጻኢ መሰለን መሓለዊ መስርሕ ክኾነን ኣባልነተርን ከረጋግጻ እየን ዝብል ተስፋ ኣሎና።

5. ኣባላት ሲቪካውያን ማሕበራትን ነጻ ጉጅለታትን እውን ኣባላተን ኣባላት ናይ'ቲ ፓርቲ ክኾኑን ምስ ህግደፍ ዝወዳደር ሓያል ሰልፊ ኣብ ምቛም ክተሓባበሩን እዮም ኢልና ንኣምን። ምኽሮምን ምትሕብባሮምን እውን ንጽበ።ከመይ ሲቪካውያን ማሕበራት ተሓለቕትን ተጣበቕትን ናይ መሰል ህዝብን ብሓፈሻ ናይቶም ዝውክልኦም ሸነኻት ኽኣ ብፍላይ ክኾና ዝኽእላ ንዕኡ ዝበቅዕ ንህግደፍ ስዒሩ ዴሞክራስያዊ ስርዓት ከውሕስ ዝኽእል ፓርቲ ምስዝህሉ እዩ። ስለዚ ካብ ሕጂ ክጸልውኦን ነጥበ ስክፍተኦን ዝምልሽን ፓርቲ ክረኽባ እንክለዋ ክተሓባበራን ከተባብዓን ባህርያዊ እዩ ንብል።

6. እቶም ክሳዕ ሕጂ "እዘን ውድባት" ብማለት ካብ ናይ ህግደፍ ዓለም ክወጹ ዘይከኣልኩም ሕጂ ካብ ምምስራቱ ክሳዕ ምንቅስቓሳቱ ትቆጻጸርዎ ፓርቲኹም ኣብ ምቛሙ ይኹን ኣብ ንጥፈታቱ ዘይትሳተፍሉ ምኽንያት ኣይረኣየናን። ምስ ህዝብኹም ጠጠው መበሊ ጽላል ክኾነኩም እዩ ኢልና ንኣምን።

7. መሰረታዊ ለውጢ ዝመጽእ ናይ ደገን ናይ ውሽጥን ደለይቲ ለውጢ ሓይልታት ተሓባቢሮም ምስ ዝሰርሑ እዩ። ሰራዊት ኢርትራ ብፍላይ ንናይ ህዝብኻ ራህዋ ኣካልካ ዝወፈኻን ብጾትካ ዝቐበርካን ብምኳንካ እዚ ሕጂ ነቲ ራህዋ እቲ ከተግብር ዝምስረት ዘሎ ፓርቲ ብምስጢር ኣባል ንምኳን ብኣዕንቲኻ ምጥማት ብኣእዛንካ ጺን ንምባል ይሕግዘካ እዩ ንብል። ንምንታይ እቲ ዘይተተግበረ ናይ ስዉኣት ብጾትካ ናይ ህዝብና ቅሳነትን ራህዋን መሰልን

ዕላማ ኣብ ሸ ንምቶኡ ንምብጻሕ ብናትካ ርእይቶኣዊ ተሳትፎ ዝቐውምን ዝምራሕን ሰልፊ ስለዝኸውን።

ከምቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ንሕሉፍ ታሪኽ ከም መምሃሪ ወሲዱ ንናይ መጻኢ ናይ ሓፋሽ ህዝብና ባህጊ ንምምላሽ ብዘይ ናይ ዓሌትን ወገንን ሃይማኖትን ግምት ኣብ ዴሞክራስያዊ ዕላማ እምነት ጥራሕ ዝተሞርከሰ ሕሉፍ ጀብሃውን ሻዕብያውን ካልእ ውድባዊ ሓጹራት ዝወገደ ንሓፋሽ ህዝብና ብተግባር ዘሳትፍ ሰልፊ ክኸውን እዩ።

ካብ ሕጂ ጀሚርኩም ሓሳባትኩም እተግልጽሉን ምዕባለታት እነማሓላልፈሉን ዓምዲ ኣብ ንሓርነት.ካም ክንከፍት ምኳና ነፍልጠኩም። ዝኾነ ሰብ ኸኣ ዘለዎ ሓሳብን ርእይቶን ክሰደልና ንላቦ። ኣብ ንሓርነት ክወጸልኩም እትደልይዎ ርእይቶ ወይ እውን ክምለሰልኩም እትደልይዎ ሕቶ ናብ webmaster@nharnet.com ክትሰድዎ ትኽእሉ። ብስቱር ትሓትዎ ሕቶታት ወይ ድማ ክትሰድዎ ትደልዩ ርእይቶ ኸኣ ናብ party@nharnet.com ክትሰድዎ ትኽእሉ። ናብቲ ግቡእ ቦትኡ ክበጽሕ ምኳኑ ኸኣ ነረጋግጸልኩም። ከምኡ እውን ካላዘቡን ክሓቱን ኣባላት ክኾኑን ዝደልዩ ውልቀሰባት ይኹኑ ጉጅለታት ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ወይ ካድራት ክዘራርቡ ይኽእሉ።

ጋንታ ንሓርነት